## መዘኻኸሪ

### SGBV ናትኩም ጉድለት ኣይኮነን!

ብዓለምለኻዊ ደረጃ ብዙሓት ኣንስትዮ፣ሰብኡት፣ኣዋልድን ኣወዳትን ካብ ካልኦት ዓይነታት SGBV ኣካላዊ ወይ ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ህይወቶም ይበጽሖም እዩ። ዝኾነ ሰብ ጾታ -ተኮር ጾታዊ መጥቃዕቲ ክበጽሖ ይኽእል እዩ፣ ሓገዝ ምሕታት ድማ ኣየሕፍርን።

### በይንኹም ኣይኮንኩምን! ሓገዝ ቅሩብ እዩ!

ከም ሓኻይም ፣ፖሊሳትን ናይ ማሕበረሰብ ሰራሕተኛታትን ዝበሉ ሰባት ክሕግዙኹም ቅሩባት እዮም። SGBV ተበጺሕኩም ወይ ይበጽሓኩም እንተልዩ ፣ንትኣምንዎ ሰብ ንገሩ፡ ንሓደ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ትካላት ኣዘራርቡ።

### ካልኦት እውን ድሕንነቶም ምእንቲ ክሕሎ ሓግዙ!

SGBV ዝበጽሖ ወይ ይበጽሖ ዘሎ ሰብ እንተደኣ ኣዛሪብኩም ፣ስምዑዎም እሞ SGBV ናቶም ጌጋ ከምዘይኮነን በይኖም ከምዘይኮኑን ኣዘኻኽርዎም። ሓገዝ ድልዊ ምዃኑ ንገርዎምን ሓገዝ ንክደልዩ ኣበረታትዕዎምን። ፍቓድኩም እተኮይኑ ኣብ ላዕሊ ንዘለዉ ትካላት ብሓባር ከተዛርቡ ትኽእሉ።

ነዚ በራሪ ወረቐት ን ቪድዮን ብዙሕ ሰብ ምእንቲ ክረኽቦ ኣካፍልዎ!

IOM
UN MIGRATION

## ብዛዕባና

ፕሮጀክት ፕሮቴክት( PROTECT)ብዓለምላኻዊ ትካል ስደተኛታት (IOM) ን ሓገዝቱን ዝምራሕ ኮይኑ ፣ ንግዳያት ወሲባዊን ጾታ ዝመሰረቱ ዓመጽን ን ሓገዝ ብሃገራዊ ደረጃ ንምሕያል ይጽዕር። ። PROTECT ብተወሳኺ እዞም ኣገልግሎታት ንስደተኛታትን ደለይቲ ዕቑባን , ቆልዑ ይኹኑ ዓበይቲ ከምኡውን ከም LGBTI ዝፍለጡ ሰባት ሓገዝ ንክበጽሖም ይጽዕር ።

https://iom-nederland.nl/protect

Funded by the European Union's Rights, Equality and Citizenship Programme (2014-2020)

EMETARCOIRIS FUNDACIÓN · arq Psychotrauma Expert Groep · LEGEBITRA · Rumiñahui Asociación · Movimiento por la Paz · Rutgers Kenniscentrum seksualiteit · PHAROS Centre of Expertise on Health Disparities



# ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ጾታዊን ጾታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓትን

# ወሲብ ወይ ጾታ ዝተመርኮዘ ምድሃስ (SGBV)

## SGBV እንታይ እዩ?

ወሲባውን ጾታ ዝመሰረቱ ግህሰትን (SGBV) ማለት ኣብ ዝኾነ ሰብ ብምኽንያት ጾትኡ ወይ ድማ መፍለዪ ጾትኡ ዝበጽሖ ጉድኣት እዩ።ማለት ኣንጻር ጾትኡ ወይ ድማ መፍለዪ ጾትኡ ዝዓለሙ ዘይተደልዩ ተግባራት የመልክት። ኣካላዊ፣ ስነ ኣእሙሮኣዊ ወይ ድማ ናይ ወሲባዊ ጉደኣት ወይ ስቓይ ከስዕቡ ዝኽእሉ ግብርታት የጠቓልል። SGBV ብመራኸቢታት ወይ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣቢሉ ክፍጸም ይኽእል።

ዝኾነ ሰብ ብSGBV ክጥቃዕ ይኽእል እዩ። ኣንስትዮ፣ ኣዋልድ፣ ጉዱኣት ኣካልን LGBTI ሰባትን ብብዝሒ ይጉድኡ፣ (ሄተሮሰክሽዋል) ኣወዳትን ስብኡትን እውን እንተኾኑ ናይ SGBV ግዳያት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። መሰኻክር፣ መሓዙትን ስድራቤት ግዳያትን እውን ብተዘዋዋሪ ብ SGBV ክጥቅዑ ይኽእሉ። SGBV ዝፍጸም ተጠቃዒ ጸባዩ/ኣከዳድና/ኣዘራርቡኡ ዝኾነ መገዲ ስለዝነበሮ ወይ ክትትል ስለዝደለየ ኣይኮነን። ሓደ ግዳይ ብምኽንያት ጠባዩ፡ ኣከዳድናኡ፡ ፍልይ ዝበለ ኣዘራርባ ስለ ዘለዎ ወይስ ኣቓልቦ ይደሊ ብምንባሩ ኣይኮነን SGBV ዘጓንፎ።

ጾታ መፍለዪ፣ናይ ጾታ ምእዘና፣ ዓሌት፣ ኩነታት ዝምድና ፣ሃይማኖት ፡ዜግነት(ስደተኛ) ኩነታት ብዘየገድስ። ዝኾነ ሰብ ኣብ ኔዘርላንድስ ሓገዝ ክሓትት ይኽእል።



## ዋና ዓይነታት SGBV እንታይ እንታይ እዮም?



ዋላ SGBV ዝብል ሽም ኣብ ዉሽጡ ግህሰት ዝብል ቃል እንተሃለዎ ኩል ግዜ ኣካላዊ መጥቃዕቲ ወይ ጾታዊ ርክብ(sex) ክህልው ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ካብ ክልተ ሰባት ንላዕሊ ከሳትፍን ብዝተፈላለየ መልክዓት ክኸሰት ይኽእል፡፡ SGBV ካብዘን ኣብ ታሕቲ ተዘርዚረን ዘለዋ መልክዓት ዝተጻናበረ ክኸውን ይኽእል፡፡

### ኣካላዊ

* ምስ ክብሪ ዝተዛመደ መጥቃዕቲን ቅትለትን
* ኣካላዊ መጥቃዕቲ (ምህራም፣ ምቅጻል፣ ምዉቃዕ፣ ጉድኣት ምብጻሕ)
* ጉድኣት ንምብጻሕ መሳርሒታት ምጥቃም
* ባርነት
* ንግዲ ደቂ ሰባት
* ቆልዓ ምቕታል (ብምኽንያት ጾታ)
* ምእሳር (ኣብ ሓደ ቦታ ምዕጻው)
* ግርዛት ደቂ ኣንስትዮ ፣ብልዕቲ ምቑራጽ(ኣብ ኔዘርላንድ ናይ ተባዕታይ ግርዛት ዝፍቀድ ኮይኑ ብሕጋዉ መገዲ ዝተማህረ በዓል ሞያ ምስ ዝካየድ ጥራይ እዩ።)
* ብምኽንያት ጾታዊ መፍለዪኡ፣ጾታዊ ምእዘና ወይ ድማ ጾታ ዝተመርኮሰ ግህሰት
* ዘይተደለየ ቀረጻን ስእልን ምልዓል

### ወሲባዊ

* ዓመጽን ፈተነ ዓመጽን (ናይ ሓዳር ዓመጽ ዘጠቓልል)
* ትሕቲ 16 ዓመት ምስ ዘለዉ ህጻናት ወሲባዊ ግብርታት
* ብማሕበራዊ መራኸብቲ ማዕኸናት ዝግበር ዘይተደለየ ናይ ጾታዊ ርክብ ንጥፈት
* ጾታዊ ለኸፋ
* ዘይተደለየ ምትንኻፍ
* ብምኽንያት ጾታዊ መፍለዪኡ፣ጾታዊ ምእዘና ወይ ድማ ጾታ ዝተመርኮሰ ግህሰት
* ጾታዊ ርክብ ንክፍጽም ንዝኾነ ሰብ ምግዳድ
* ጾታዊ ርክብ ተግባር ንክርኢ ንዝኾነ ሰብ ምግዳድ

### ስነ ኣእምሮኣዊ

- ናይ ቃላት ምንሻው
- ምእሳር (ኣብ ሓደ ቦታ ምዕጻው)
- ግዱድ መርዓ (ናይ ቆልዓ መርዓ ሓዊሱ)
- ሰላሕ ኢልካ ምቕራብን ምግሃስ መሰል ብሕቱነትን
- ብዘይ ፍቓዶም ኣብ ክንዲ ውልቀሰባት ኣገደስቲ ዉሳኔታት ምዉሳድ/ ምድራት ምርጫታቶምን
- ዉርደት
- ምትላል
- ምፍርራሕን ምስግዳድን
- ቁጠባዊ ጽዕንቶ ( ናይ ዝኾነሰብ ናይ ገንዘብ ወይ ምንጪ ገንዘብ ምቁጽጻር)
- ጾታዊ ኣካላት ዝተጋለጹሎም ስእልታት ከይተደለየ ምዝርጋሕ።
- ብምኽንያት ጾታዊ መፍለዪኡ፣ጾታዊ ምእዘና ወይ ድማ ጾታ ዝተመርኮሰ ግህሰት
- ጾታዊ ርክብ ተግባር ንክርኢ ንዝኾነ ሰብ ምግዳድ

ብዛዕባ እዚኦም ዓይነታት SGBV ተወሳኺ ንምፍላጥ – ናይ ዛንዙ መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ:
www.zanzu.nl/en/what-sexual-violence

## ፈቓድ እንታይ እዩ?

ዝኾነ ሰብ ፈቓድ  ክህብ ከሎ፡ ዝኾነ ነገር ንምግባር ወይ ንዝኾነ ነገር ንኽሰማማዕ ኢሉ  ፈቓድ ይህብ አሎ ማለት እዩ።  ፍቓዱ ዝሃበ ሰብ ሓሳቡ  ምስ ዝቕይር ፣ ዝሃቦ ፍቓድ ክምለሶ ይኽእል እዩ። ነቶም ኣብ ዝምድና  ንዘለዉ ሰባት ወይ ንሰብ ሓዳር ኣገዳሲ እዩ።
ግን ድማ ኣበይ ግዜ እዩ ፍቓድ ተዋሂቡ ወይስ ከም ርዱእ ኮይኑ ዘሎ ኩሉ ግዜ ግልጺ ኣይኮነን።
ከም ፍርሒ፣ምትላል፣ማሕበራዊ ትጽቢት፣ኣልኮልን  ዕጸን፣ ዝምድናታትን፣ ግዜን ቋንቋን ዝኣመሰሉ ረቛሒታት ነቲ ሰብ ብዛዕባ ፈቓድ ምርካብን ዘይምርካብን ንዘሎ መፈላለዪ  እዚ እዩ ኢሉ ዝሓስቦ መስመር  የህስሶ እዩ።

 ኣብ ሓበሬታ ዝተመርኮሰ ፈቓድ ማለት “አይፋሉን” ናይ ምባል መሰልን ናይ ምግባር ዓቕምን ፣ ነቲ ትብሎ ክትድመጽ ምኽኣልን እዩ። ኣብ ኔዘርላንድስ፣ካብ ዕድመ 16 ፣ሰባት ኣብ ጾታዊ ርክብ ንምስታፍን እንታይ ክገብሩ ከምዝደልዩን ናይ ምዉሳን መሰል ኣለዎም።

## LGBTI እንታይ እዩ?

LGBTI  ሓፈሻዊ ቃል  ኮይኑ ሌዝብያን፣ጌይ፣ባይሴክሽዋል፣ትራንስጀንደርን ኢንተርሴክስ ተባሂሎም ንዝፍለዩ ሰባት ዝወሃብ እዩ።
ብ2001 ሆላንድ ነቶም ሓደ ዓይነት ጾታ ዘለዎም ሰባት ብሕጋዊ መገዲ ንኽምርዓዉ መሰል ዝሃበት አብ ዓለም ቀዳማይቲ ሃገር ኮይና፡፡ አብቲ አብ 2013 ብናይ ሆላንድ ናይ ማህበራዊ መርመራ ትካል (SCP) ብዝተገብረ ቅየሳ 93% ካብ ሆላንዳውያን ብዛዕባ LGBTI ማህበረሰብ ፡ ማዕርነት መሰልን ናጽነትን ናይዞም ጉጅለ ብምቕባል፡ አዎንታዊ አጠማምታ ከምዘለዎም የመልክት፡፡
ንሰባት ብግብረስጋ ፣ ብጾታ፣ ብጾታዊ ባህርይ ወይ ድማ ብጾታዊ ማንነት አድልዎ ምግባር ገበን እዩ – እዚ ድማ ከም መንበሪ፣ትምህርቲ ፣ስራሕን ኣብ ማእከል ህዝቢ  ዝግበረሎም ኣቀባብላን ይሕዉስ። ኣብ ናይ  ክብሪ መዝገብን  ወግዓዊ ሰነዳትን ጾታ ምቕያር  ሕጋዊ እዩ።

## SGBV ንመን ይጸልዎ?

ዝኾነ ይኹን ሰብ ጽልዋ SGBV ክጋጥሞ ይኽእል፡፡ እዚ SGBV ብሓደ ዘይትፈልጥዎ ጋሻ ሰብ፡ ወይ ድማ ብሓደ ትፈልጥዎ ሰብ፡ ከም ዘመድ፡ ጎረቤት፡ ዓርኪ ወይ መሳርሕቲ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡፡ መሰኻከር፡ አእዕሩኽቲን አባል ቤተሰብ ወይ ድማ ግዳያት ብተዘዋዋሪ ቢ SGBV ክጉዱኡ ይኽእሉ ኢዮም፡፡
SGBV ዝፍጸም እቲ ግዳይ ብፉሉይ መገዲ ስለ ዝተመላለሰ/ ስለ ዝተኸድነ/ ስለ ዝተዛረበ አይኮነን ወይ ድማ አቃልቦ ስለ ዝደለየ አይኮነን፡፡

## SGBV ኣበይ ይፍጸም?

SGBV ኣብ ዝኾነ ቦታ ክፍጸም ይኽእል: ኣብ መቦቆል ሃገርኩም፣ ናብ ካልእ ዓዲ  ኣብ እትሰጋገርሉ፣ ወይ ድማ ኣብታ ሕጂ ትነብሩላ ዘለኹም ሃገር፣ ኣብ   ቤትኩም አብ ህዝባዊ ቦታታትን፣ ከም አብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታን፡ አብ ናይ ህዝባዊ መጓዓዝያታትን፡ አብ ናይ መቐበሊ ጋሻን ማእከላት ስደተኛታት (AZC) ክፍጸሙ ይኽእሉ።

መጥቃዕቲ ኣብ ዘጓንፈሉ ግዜ ዘይምጽራር ወይ ድማ ኣንጻሩ ዘይምቅላስ ንቡር እዩ፡ እዚ ኸኣ እቶም ግዳያት ካብ ራዕዲ፡ ተስፋ ምቑራጽን ኣብ መፈንጠራ ከም ዝአተዉ ኮይኖም ስለ ዝስምዖም እንታይ ገይሮም ካብቲ ኩነታት ክወጹ ከም ዝኽእሉ ስለ ዝጠፍኦም  እዩ።

## ሳዕቤናት SGBV እንታይ እዮም?

መሓዙትን ስድራን ተጠቃዕቲ ሓዊሱ SGBV ኣብ ኩሉ ናይ ህይወት ሸነኻት ክጸሉ፡ አካላዊን ስምዒታዊን ሳዕቤናት ክህሉ ይኽእል፡፡ SGBV ኣካላዊ ጉድኣት፣ስቃይ፣ ቁስልታት ወይ ዘይተደለየ ጥንሲ ከምጽእ ይኽእል።  ካብቶም ብግልጺ ዘይረኣዩ   ሳዕቤናት SGBV ከም ፣ምብህራር፣ ድቃስ-ኣልቦነት ሕማም ርእሲ፣ ወይ ድማ ከም ቁጥዐ፣ ሕፍረት፣ ሓዘን፣ ኩነኔ ወይ ፍርሒ ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ስምዒታት የስዕብ። ናይ ዉልቀ ርክብን ንኻልኦት ዘሎ ደረጃ እምነትን ትሑት ይገብርሞ በዚ ድማ ንርክባት የዛብዕ።  SGBV ምስተፈጸመ ሳዕቤናቱ ብቑልጡፍ ወይ ድማ ቀስ ኢሎም ክመጹ ይኽእሉ። ነዚኦም ጽገማት ንምፍታሕ ብዝተኻእለ ፍጥነት ሓገዝ ምድላይ ኣገዳሲ እዩ።

### ዘክር

ዝኾነ ይኹን ሰብ ናይ SGBV ግዳይ ክኸውን ይኸል ኢዩ

SGBV ፈጺሙ ናይ’ ቲ ወይ ናይ’ታ ግዳይ በደል ክኸውን አይኽእልን ኢዩ

SGBV ኩልጊዜ ተቐባልነት ዘይብሉ ጉዳይ ኢዩ

ሓገዝ ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም




# ክርከቡ ዝኽእሉ ግልጋሎታት

## ኣነ ወይ ኣነ ዝፈልጦ ሰብ SGBV ተበጺሕዎ ወይ እንተሪኡ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

እዞም ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ግልጋሎታት ኣብ ነዘርላንድ ንዘሎ ኩሉ ሰብ፣ ዜግነት ወይ ድማ ናይ ጥዕና  መድሕን ምህላዉ ብዘየገድስ ንኹሉ ዝቐርቡ እዮም። ብዘይ ፈቓድኩም ዝውሰድ ስጉምቲ የለን፡፡

ናይ ጾታዊ መጥቃዕቲ ማእከላት ኣብ ኔዘርላንድ ኣብ 16 ከተማታት ኣሎዋ። ኣብ ጾታዊ መጥቃዕቲ ማእከላት፣ጋንታ ዶካትር፣ነርሳት፣ፖሊሳት፣በዓል ሞያታት ስነኣእምሮ፣ማሕበራዊ ሰራሕተኛታትን ናይ ጾታዊ ርክብ መማኸርትን ንጉድኣት ጾታዊ መጥቃዕትን ምድፋርን ሓገዝ የቕርቡ።

ናብ ጾታዊ መጥቃዕቲ ማእከላት ኣብ እትመጽሉ ጊዜ፣ብነርስ ምርመራ (FORENSIC) ቅብሊት ይግበረልኩም ፣ክሳብ ኣብኡ ዘለኹም ድማ ምሳኹም ትጸንሕ። ነቲ ታሪኽኩም ካብቲ ዘድሊ ንላዕሊ ምድግጋም ከምዘይድልየኩም ክንገብር ኢና፡ ፡ ሓደ ጉጅሌ ናይ ዶካትር፣ነርሳት፣ፖሊሳት፣በዓል ሞያታት ስነኣእምሮ፣ማሕበራዊ ሰራሕተኛታትን ናይ ጾታዊ ርክብ መማኸርትን ተሓባቢሮም ብምስራሕ እቲ ኣድላዪ ክንክን ከምትረኽቡ ክገብሩ ኢዮም፡፡ እቲ ምሳና  እትገብርዎ  ኩሉ ምዝርራብ  ምስጢራዊን ሞያዊን ተገይሩ ይዉሰድ።



ሓደ መዓልቲ ድሕሪ ምብጻሕኩም ሓደ ቴሌፎን ወይ ድማ ኢሜይል ካብ ኬዝ ማናጀርኩም ክትቕበሉ ኢኹም፡፡ እቲ ኬዝ ማናጀርኩም ነገራት ከብራሃልኩምን፡ መታን ከም ብሓድሽ ደሓን ንኽስማዓኩም፡ ምኽሪ ክቕርበልኩም ኢዮም፡፡

ጾታዊ መጥቃዕቲ ማዕከላት ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ኣለዉ- ብናጻ ናብ ዋና ስልኪ ቁጽሪ 0800 0188 ክትድዉሉ ትኽእሉ፡
WWW.CENTRUMSEKSUEELGEWELD.NL




## ፖሊሳትን ናይ ዝተሰዱ ሰራሕተኛታትን ከመይ እዮም ዝሕወሱ?

እንተደሊኹም ንፖሊስ ክተፍልጡ ትኽእሉ ኢኹም ግን ኣብ ሕክምናኹም ፖሊስ ክሕወሶ ግን ኣድላዪ ኣይኮነን። ናይ ጾታዊ መጥቃዕቲ ማእከላት ምስ ፖሊሳት ደቻ ብምስጢር ዝሰርሑ ብፈቓድኩም ጥራይ እዩ። ምስ ናይ ስደተኛ ሰራሕተኛታት ብቐጥታ ኣይሰርሑን።
ዝኾነ ሰብ ዋላ ስዱድ እንተኾነ ብዘየገድስ ሓገዝን ምኽሪን ካብ ፖሊሳት ክሓትትን ኣብእቶም ከመልክትን መሰል ኣለዎ። ብዛዕባ  ምትእትታዉ ፖሊሳትን ሰራሕተኛታት ስደተኝነትን ርግጸኛ ተዘይኮይንኩም ናይ ጾታዊ መጥቃዕቲ ማእከላት ብዛዕባ እዚ ብሚስጥር ዝተታሕዘ ሓበሬታ ክህቡኹም ይኽእሉ እዮም።

## ነቲ ሓገዝ ክኸፍል ድየ ?

17 ዓመት ወይ ትሕቲኡ እንተኾይንኩም ፣ኣብ ናይ ከባቢኹም ዘሎ ናይ ጾታዊ መጥቃዕቲ ማእከላት ብናጻ ክትሕከሙ ትኽእሉ ኢኹም። 18 ዓመትን ልዕሊኡን ተኾይንኩም ናይ ጥዕና መድሕን ትጥቀሙ ትኽእሉ።
ከም ጉዱእ  SGBV፣ ናይ ካሕሳ ክፍሊት ክትረኽቡ ትኽእሉ  (ገንዘብ) ካብ ናይ ሓደገኛ ገበናት መኽሓሲ ትካል ረድኤት። እቲ ኣብቲ ጾታዊ መጥቃዕቲ ማእከል ዝርከብ ኬዝ ማናጀርኩም በዚ መስርሕ'ዚ ክሕግዘኩም ይኽእል'ዩ። ወይድማ ብቐጥታ ስላኽቶፈርሁልፕ ኒዘርላንድ ብ 0900 0101 ክትድዉሉ ወይ ብመስመር ምስ ሰራሕተኛታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ
www.slachtofferhulp.nl  ክትዘራረቡ ትኽእሉ

## ሙሉእ ብሙሉእ ክፍለጥ ኣይደልን

መንነቱ ዝተሓብአ ናይ ሓገዝ መስመርን መዘራረብን እውን  ንግዳያትን መሰኻኽርን ወን ንኻልኦት ተሳተፍቲ ቅሩብ እዩ።
ብ 0900 999 001 ክትድዉሉ ወይ መርበብ ሓበሬታ www.verbreekdestilte.nl
 ኣቲኹም ምስ ዝሰልጠነ ናይ ጉዳይ መመሓደሪ ክትዘራረቡ ትኽእሉ። ስልክኹም ክትገድፉ እውን ትኽእሉ ዝኾነ ሰብ መሊሱ ክድዉለልኩም እዩ

## ብዛዕባ  SGBV ሓበሬታ ጥራይ እየ ዝደሊ

ባዕልትኹም ክትምርምሩ ተደሊኹም ፣ሓበሬታ ኣብ ናይ ዛንዙ መርበብ ሓበሬታ  ብብዙሕ ቋንቋት ኣሎ https://www.zanzu.nl/en/what-sexual-violence